ክታበት COVID-19

# ሓቅታት ርኸብ።

## ክታበታት ንኹሉ ሰብ ብናጻ እዩ ዝውሃብ።

- ዝኾነ ይኹን ሰብ ኪኽፍል እንተ ዘይክኢሉ፡ ክታበት ኪኽልከል የብሉን።
- ኩነታት ናይ መንበሪ ወረቐትካ ወይ ናይ ሕክምና ኢንሹራንስኻ ወይ መለለዪ መንነትካ ይሃልውካ ኣይሃልውካ ብዘየገድስ፡ ክታበታት ንኹሉ ሰብ ብናጻ እዩ ዝውሃብ።

### እቲ ኽታበት፡ COVID-19 ከይሕዘካ ይከላኸለልካ እዩ።

- ድሕሪ ምኽታብካ COVID-19 እንተ ሒዙካ፡ እቲ ኽታበት ብጽኑዕ ከይትሓምም ይሕግዘካ እዩ።
- COVID-19 ሒዙካ እንተ ነይሩ እውን ክትክተብ ኣሎካ።
- እዋናዊ ኽታበታት COVID-19፡ ብቑዕ እንተ ኾንካ እንተላይ ሓጋዚ መበርትዒ ተኸተብ።



### ክታበታት COVID-19 ውሑስን ውጽኢታውን እዩ። ብሰንኪ እቲ ኽታበት COVID-19 ፈጺሙ ኣይክሕዘካን እዩ።

- COVID-19 ካብ ዝሕዘካ፡ ክታበት ምኽታበት ውሑስ እዩ።
- ብሚልዮናት ዝቑጸሩ ሰባት ብዘይ ገለ ጸገም ተኸቲቦም እዮም።
- ኣብ ታሪኽ ሕ.መ.ኣ፡ ከምዚ ኽታበት ገይሩ ውሕስነቱ ብመርመራታት እተተረጋገጸ ኻልእ ኽታበት የለን።
- እዚ ኽታበት እተፈላለየ ዓሌንት ብሄርን ዕድመን ንዘሎም ብዙሓት ሰባት ውሑስ ከም ዝኾነ ተረጋጊጹ እዩ።
- ክታበት COVID-19፡ ንዲ.ኤን.ኤ ኣይቀይሮን እዩ።

NRC-RIM
National Resource Center for Refugees, Immigrants, and Migrants

17 Aug 2022

ዝያዳ ሓበሬታ ንምርካብ፦ cdc.gov/coronavirus

# ጐድናዊ ሳዕቤናት ክህሉ ንቡር እዩ።

## ጐድናዊ ሳዕቤናት ኣሎካ ማለት COVID-19 ሒዙካ ማለት ኣይኰነን።

- ጐድናዊ ሳዕቤናት ኣሎካ ማለት እቲ ክታበት ንሰብነትካ ምስ COVID-19 ብኸመይ ክቃለስ ከም ዘለዎ እምህሮ ኣሎ ማለት እዩ።
- ጐድናዊ ሳዕቤናት ነዚ ዝስዕብ የጠቓልል፦
  - እታ እተኸተብካላ ኢድ ተቐንዝወካ ወይ ትሓብጥ።
  - ሕማም ርእሲ ይገብረልካ፡ ቍሪ ቍሪ የብለካ፡ ወይ ረስኒ ይገብረልካ።
- ጽቡቕ እንተ ዘይተሰሚዕካ፡ ክሳዕ ዝሕሸካ ካብ ስራሕ ቍሩብ መዓልቲ ዕረፍቲ ውሰድ።
- እቲ ኽታበት ቍጥዓ ኣካላት (ኣላርጂ) ኣስዒቡልካ እንተ ኾይኑ ንምፍላጥ ድሕሪ ምኽታብካ 15-30 ደቓቕ ክትጸንሕ ኣለካ።



**ክታበታት COVID-19 ንጒብዝና ወይ ንናይ ምውላድ ክእለት ኣይጸሉን እዩ።**

ክታበታት ምውሳድ ኣብ መጻኢ ቈልዑ ክውልዱ ንዝደልዩ ሰባት፡ ንጥኑሳት ወይ ንዘጥብዋ ውሑስ እዩ።

## እዋናዊ ኽታበታት ውሰድ።

- ክታበታት COVID-19 ብብርቱዕ ከይንሓምም፡ ሆስፒታል ከይንኣቱ፡ ከይንመውት ይከላኸል።
- እዋናዊ ኽታበታት COVID-19 ምኽታብ፡ ዝለዓለ ዕቑባ ንኽትረክብ ኣገዳሲ እዩ።
- እዋናዊ ኽታበታት ምኽታብ ማለት፡ ንኽልቲኡ ኽታበታት ምኽታብን ብቑዕ ዝኾንካሉ ዝኾነ ሓጋዚ መበርትዒ ምኽታብ ማለት እዩ።
- እዋናዊ ኽታበታት እንተ ዘይተኸቲብካ፡ COVID-19 ክሕዘካ፡ ብብርቱዕ ክትሓምም ወይ ክትመውት፡ ንኻልኦት ከተላብዕ ትኽእል ኢኻ።

## ክታበታት እዚ ዝስዕብ የብሉን፦

- መጽንሒ
- እንቋቑሖ
- ፍርያት ሓሰማ
- ጀላቲን
- ነጒዒ
- ብህይወት ዘሎ ቫይረስ COVID-19

## ድሕሪ ምኽታብካ፡ ጥዕናኻ ሓሉ።

ኣብዚ እዋን እዚ፡ ክኢላታት እቲ ኽታበት ብኸመይ ከም ዝከላኸለልካ ኣይፈልጡን እዮም። ድሕሪ ምኽታብካ እውን ነዚ ዝስዕብ ምግባርካ ቐጽል፦



ማስክ ግበር።



ማሕበራዊ ርሕቀት ሓሉ።



ወትሩ ኣእዳውካ ተሓጸብ።



በተደጋጋሚ ብኢድ ዝተሓ ቦታታት ኣጽርይ።

NRC-RIM
National Resource Center for Refugees, Immigrants, and Migrants

ዝያዳ ሓበሬታ ንምርካብ፦ cdc.gov/coronavirus